# መበል 23 ጽምብል ናጽነት ኤርትራ
# ኣብ ከተማ ቡፐርታል ብዉዕዉዕ ሃገራዊ መንፈስ ተጸምቢሉ

ከም ኣካልን መቐጸልታን ጽምብላት ዕለተ ሓበንና ኣብ ውሽጥን ኩሉ ኩርንዓት ዓለምን፡ ቀዳም 31 ግንቦት ኣብ ከተማ ቡፐርታል ፡ ኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ቡፐርታልን ፡ ከተማታት ኖርድራይን ቬስታፋልያ ግዱሳት ኤርትራውያንን ኣዕሩኽን ፈተውትን ኤርትራን ብብዝሒ መንእሰያትን ሕጻናትን ዝተረኽብሉ ብኣዝዩ ድሙቕ ኣገባብን ውዕዉዕ መንፈስን፡ "ንርህው ጽባሕ፡ ሎሚ ንስራሕ" ፡ ብዝብል ቴማ ብኽብ ዝበለ ስነስርዓት መዓልቲ ናጽነቶም ጸምቢሎም።

ከተማ ቡፐርታል ንጽምብል ክብርቲ ዕለተ ናጽነት ፡ ብዉሁድ ኣገባብን፡ ብሓያል ውዳቤ ምድላዋት ክትገብር ድሕሪ ምጽናሕ፡ ፡ ወግዓዊ መደብ ልክዕ ሰዓት ክልተ ድሕሪ ቀትሪ መደብ ብተመሃሮ ቋንቋ ኣደ ማሕበረኮም ከተማ ቡፐርታል ብሃገራዊ መዝሙር ተሰነየ ዝኽሪ ሰማእታት ምስ ተኸፍተ፡ ሽማግለ ማ/ኮም ከተማ ቡፐርታል ንተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ቃልን ናይ ዮሃና መልእኽትን ኣተሓላለፉ።

ቀዲሉ ኣቶ ዮውሃንድ ደባስ ካብ ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ኢምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ሰፉሕ ረዚንን መግለጺ ክብርቲ ዕለተ ናጽነት ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ናጽነት ብሓያል ስራሕን ከቢድ መስዋእቲን ወለዶታት ዝተረጋገጸ ሃገራዊ ክብሪ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝሓለፈ 23 ዓመታት ናጽነት ዝተሰግረ መስገደላት፡ ናብ'ቲ ዝድለ ሸቶ ንምብጻሕ ሓያል ተመኩሮ ከምእተቐስመ ሰፍሕ መብርሂ ኣብ ዘቕረቦ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብናጽነት ጎይታ ዕድሉ ኪኸውን ዝመረጸ፡ ንምርጭኡ ክቡር ዋጋ ዚኸፈለ ክቡርን ሕቡን ህዝቢ ስለ ዝኾነ ፡ ንሓርነቱ ኪምንጥሎ ዚኽእል ዝኾነ ሓይሊ ኮታ የሎን ዝበለ ኪብል ' እምነቱ ገሊጹ። ኣስዒቡ በዓል ናጽነት፡ ናይ ልምዓትን መኸተን ባህሊ ዓጢቕና ንቕድሚት ክንሕምበብን ናይ መነባብሮ ለውጢ ከነምጽእን መብጽዓና ደጊምና እነሐድሰሉ ኣጋጣሚ'ዩ" ድሕሪ ምባል፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ፡ ከተማታት ኖርድራይን ቬስታፋልያ ጀርመን ንዝርእይዎ ዘለዉ ሃገራዊ ጽምደትን መኸተን ብምምዃሳ፡ ንቀጻሊ ውን ዕቑር ዓቕምታት ብምውህሃድ፡ ውዳበን ኣበርኪቶን ከዕዝዙ ጸዊዑ።

ነቲ ኽቡር በዓል ንምጽንባል ዕድመ ኣኽቢሮም ተሳተፉ ዜጋታት ኣብቲ ብኣዳለውቲ መደብ ተዳልዩ ዝነበረ ባህላውን ሃገራውን መደባት ብምስታፍን፡ ብተምሃሮ ማሕበረኮምን ተሳተፍቲ ጽምብልን ዝቐረበ ሃገራዊ መልእኽቲ ሓዘል ዜማታትን ግጥምታታን ብኣድናቖት ብምክትታልን ፡ ንምቕራጽ ቶርተን ምኽፋት ሻምፓኝን በቶም ወኒ ሰባት ዝቕስቅስ ሃገራዊ ተዘክሮታት ዘለዓዕል ሰውራውን ባህላውን ዘመናውን ዜማታትን ሙዚቃን ሳዕስዒትን ዘቐረቡ ሕቡባትን ወናማት ሰነ ጥበባውያን ኣባላት ጉጅለ ባህሊ ዛራ ባንድ ካብ ሆላንድ ንመደብ በዓል ልዑል ድማቀት ብምሃብ ፡ ጽምብል ናጽነት ኤርትራ ኣብ ከተማ ቡፐርታል ብሕጉስ ሃገራዊ መንፈስ ተዛዚሙ፡።

ዓወት ንሓፋሽ
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና

ሽማግለ ማሕበረኮም ቡፐርታልን ከባቢኣን ዕለት 02.06.2014